ሕድሪ ይትግበር ኣሎ።

ኣንታ ጅግና ኣንበሳ  በረኻ፡
<u>መስታ</u> ዋዕሮ ተጋዳሊት ሓብትኻ፡
መንጸሮር ዘእተኻሎም ጸላእትኻ፡
ኣላሽ ኣቢልካ ተምበርኪኽ  ኣብ ብርክኻ።

    እወ ተባዕ ብዓል ሙሉእ ሓሞት፡
    ጽኑዕ ኣብ ዓላማ ክሳብ መስዋእትነት፡
    ብምስልኻ ባህሪረን እዘን ሰብ ኣንድነት።

በዓል ሙሉእ መዚ ሓላው ቤቱ፡
ኢህን ምሂን ዝብል ምስ ዓበይቲ ናኣሽቱ፡
ንተነግሮ ኩሉ ኣብ ግምት ዘእቱ።

    ህዝቢ ክደላደል ክጸብብ ጋጋት፡
    ተጽድቕ ተተግብር ህዝባዊ ሕጋጋት፡
    ነዚ'የን ጸሊኤን ሃጸያውያን ስርዓት።

መሲሉወን ዝኸውን ጻማኻ ኮንቱ፡
በዝን በትን ወዲበን ሸፋቱ፡
ኣይፈለጥኦን መትከልካ መሰረት ዑምቆቱ።

    ረሲዔንኦ ሑሉፍ ናብራኻ ኣብ ዱር ኣብ ገደል፡
    ተጻቢብካ ክትሓድር ምስ ዕንቅሪቢት ገበል፡
    ካብ ሽዑ ጀሚርካ ዝበልካ ሓፋሽ ይደላደል።

ልምዓት ምስ ጀመረ ኣብ ሩሑቕ ገጠራት፡

መከልከዑ ጠፊኡ መግዛኣታዊ ስንብራት፡

ሓፋሽ ደስትኡ ይገልጽ ኣሎ ብስርዓት።

እቶም ኣሜሪካ ካናዳ ሓዚለን ዝብልኦም እሩሩ፡

እተን ኣውትራሊያ ኤሮፓ ሓዚለን ዝብልኤን እሩሩ፡

ዎዮ ማሕዘል ከም ቀደም የለን ቀይሩ ሕብሩ፡

ከም  ዓሚ ቕድሚ ዓሚ ኣይኮነን ምትራሩ።

ጌጋ ምግባር ንቡር'ዩ ብተፈጥሮ፡

በበይኑ ስለ ዝኾነ ናይ ሰብ ኣእሙሮ፡

ህዝቢ ኣሕሊፍካ ምሃብ ግን ሕማቕ መንሹሮ።

ምዕራባውያን ከቕርባ ሕቡእ ይቕረታ፡

ሓዊ  ከምዘይ ኣጎዳ ነስኒሰን ናፍታ፡

ዎይጦታት ንቕሓ ዓይንኽን ክፈታ።

እንበር ዎዮ ጅግናስ ምስቶም ጀጋኑ፡

የለን ዝገፎ ወርቃዊ ምዛኑ፡

ይስጉም ኣሎ ብዓቕሊ ከም ቀደሙ።

ሕጂ'ውን ዓገብ ንእገዳ፡

ድምጽና ነስምዓየን ነተን ዱላ ዘዋዳውዳ፡

ኣኣዳወን ንስበረን ርሑቕ ከይከዳ፡፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡

ዓወት ንሓፋሽ፡

ገብረንጉስ መስመር።